# ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት
# ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብዓወት ተዛዚሙ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
## 25.09.2005

ካብ ዕለት 15-25 መስከረም 2005 ኣብ ካርቱም ክካየድ ዝጸንሐ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ስርሓቱ ብዓወት ዛዚሙ።

ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት፡ ብቐዳምነት ንጉዳይ ኣባልነት ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራን ተመልኪቱ። ካብ ኲሎም ሸነኻት ንዝቐረበሉ ርእይቶታት ድሕሪ ምስማዕ፡ ኣብ ፍልልያቶም ኢዱ ከይኣተወ፡ ንትካላዊ ኣሰራርሓን ሕጋውነትን ጥራሕ ኣብ ግምት ዘእተወ ውሳኔ ወሰደ። በዚ መዕቀኒዚ መሰረት፡ ዝበዝሐ ኣባል ማእከላይ ባይቶን ፈጻሚ ሽማግለን ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ኣብ ጕድኒ እቲ ብሓው ዓብደላ ኣደም ዝምራሕ ክንፊ ምዃኑ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ነዚ ክንፊዚ ወግዓዊ ወኪል ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ኰይኑ ክቕጽል ተቐቢሉ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ብሓው ኣድሓኖም ገብረማርያም ዝምራሕ ክንፊ፡ ነቲ ጕዲልዎ ዘሎ ረቛሕቲ ማለት ምክያድ ጉባኤን ምምራጽ ሓጋግን ፈጻምን ኣካልን ኣማሊኡ ክመጽእ ንምቕባሉ ድማ ባብ ክፉት ምዃኑ ኣረጋጊጽሉ። ብተወሳኺ፡ ማእከላይ መሪሕነት፡ ነዚ ተመኩሮዚ፡ ኣብ መጻኢ ንዝጋጥሙ ፍልልያት ብተመሳሳሊ ሕጋዊ ኣገባብ ክተሓሓዞ ምዃኑ ድማ ኣስሚርሉ ሓሊፉ።

ብኻልእ ሸነኽ፡ ብዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ዝፍለጥ ዝነበረ 7 ውድባት ዝሓቖፈ ግንባር፡ ብ23-27 ሓምለ ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ከምዝመስረተን፤ እቶም መሰረቲ ውድባት ብፍታዎም ውድባቶም ከምዝሕቀቑን ብኣዋጅ ንህዝቢ ስለዘፍለጡን፤ ብድሕሪኡ ክሳዕ እዚ ዕለት እዚ ነዚ ኣዋጅዚ ዝጻረር ካልእ ኣዋጅ ካብቶም መሰረቲ ውድባት ስለዘይወጸ፡ ማእከላይ መሪሕነት ንሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ብመትከል ብምቕባል፡ ነቲ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ፍልልያት ፈቲሖም ክመጹ ወሰነ።

ብኻልእ ሸነኽ፡ ማእከላይ መሪሕነት፡ ኣብ ዝሓለፈ 6 ኣዋርሕ ናይ ዝተኻየዱ ስርሓት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ጸብጻባት ድሕሪ ምስማዕ ገምጋሙ ኣንበረ። ኣኼባ፡ ብመንጽርቲ ዝነበረ ወድዓዊ ጸገማት፡ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ኣብዚ ናይ ምምስራትን እግሪ ምትካልን መድረኽ ዘሰላሰሎም ዕማማት ብኣዎንታ ገምገመ። ነቲ ብባዕላዊ ሕጽረታት ክፍጸም ዘይተኻእለ መደባት ድማ፡ ኣብ መጻኢ መድረኽ ብዕቱብነት ክስርሓሉ መምርሒታትን ውሳኔታትን ኣመሓላለፈ። ከምኡ ውን፡ ናይ ዝመጽእ ዘሎ 6 ኣዋርሕ መድረኻዊ መደብ ዕዮ ሰኣለ።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣኼባ፡ ካብ ኣባላቱ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ኣባላት ሰክረታርያ ማእከላይ መሪሕነትን ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን መረጸ። ንሳቶም ከኣ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

ሀ. ሰክረታርያ ማእከላይ መሪሕነት

1. ብርሃነ የማነ (ሃንጀማ) - ኣቦ መንበር
2. ዓሊ ሱሌማን ዓ ምኽትል ኣቦ መንበር

ለ. ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡-

1. ሑሴን ኸሊፋ - ኣቦ መንበር

2. ዓብደላ ኣደም ዓ ምኽትል ኣቦ መንበር
3. መሓመድ ኑር ኣሕመድ ዓ ሰክረተር
4. ኣሕመድ ሙሓመድ ናስር ዓ ሓላፊ ወጻኢ ጉዳያት
5. መንግስተኣብ ኣስመሮም ዓ ሓላፊ ዜና
6. መሓመድ ጣህር ሸንገብ (ኣቡሻክር) ሓላፊ ህዝባዊ ጉዳያት
7. ሓምድ ሳልሕ ቱርኪ ዓ ሓላፊ ቍጠባውን ገንዘባውን ጉዳያት
8. ኢብራሂም ሃሮን - ሓላፊ ጸጥታን ሓበሬታን
9. ቀርነልዮስ ዑስማን ዓ ሓላፊ ሕብረተሰብኣዊ ጉዳያት